# ኣብ ቪክቶሪያ ናብ ቤት ትምህርቲ ናይ ምምላስ ትልሚ።

| ኣገደስቲ ተግባራት | 1: ካብ ምድላው ክሳብ 2ይ ክፍሊ (P-2) ከምኡውን ዓበይቲ ናይ ካልኣይ ብርኪ ተማሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ምምላስ። | 2: ኩሎም ተማሃሮ ድሕሪ ክልተ ቕነ ናብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ምምላስ ። | ብምስዓብ ምኽሪ ጥዕና ስሩዕ ተግባራት ቤት ትምህርቲ ክቕፅሉ ኢዮም። |
|---|---|---|---|
| • **ብዛዕባ ፅርየት**<br>ኣብያተ ትምህርቲ ዝተመሓየሸ ናይ ፅርየት ኣሰራርሓ ንኽጥቀሙ ሓገዝ ክግበረሎም ኢዩ። ብፍላይ ድማ ብዙሕ ሰብ ዝትንክፎም ከም ሽቓቕን ናይ ማዕፆ መኽፈቲ ላዓትን ሙሉእ መዓልቲ ፅርየት ክግበረሎም ኢዩ።.<br><br>• **ኣካላዊ ምርሕሓቕ**<br>ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ኣካላዊ ምርሕሓቕ ንኽገብሩ ዝድገፍ ኢዩ። ይኹንምበር በዚ ሎሚ ዘሎ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣሰራርሓ ኣብ መንጎ ተማሃሮ ዝግበር ኣካላዊ ምርሕሓቕ ኣድላይ ኰይኑ ኣይተረኽበን።.<br><br>• **ውልቀ ፅሬት**<br>ተደጋጋሚ ናይ ኢድ ምሕፃብ ክነበረታትዕ ኢና። ማይን ሳሙናን ኣብዘይህልወሉ ኩነታት ድማ ኣልኮላዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መፃረያታት /sanitisers/ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ኢዮም።.<br><br>• **ጥዕና**<br>ዝኾነ ዘይጠዓየ ተማሃራይ፣ ወላዲ ይኹን ሰራሕተኛ ናብ ቤት ትምህርቲ ክመፅእ የብሉን። | **(ካብ ምድላው ክሳብ 2ይ ክፍሊ (Prep – 2) ከምኡውን ዓበይቲ ናይ ካልኣይ ብርኪ ተማሃሮ (መበል 11 ን 12 ክፍሊ)**<br>ካብ ምድላው ክሳብ 2ይ ክፍሊ ከምኡውን  ካብ መበል 11 ክሳብ 12 ዘለዉ ተማሃሮ ናብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ቀዲሞም ክምለሱ ኢዮም። ኣብዚ እዋንዚ ዘሎ ናይ ርሕቀት ትምህርቲ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ንዘለዉ ተማሃሮ ኣይቕፅልን።<br><br>**ካብ 3 ይ ክፍሊ –  10 ይ ክፍሊ**<br>ካብ 3 ይ ክፍሊ ክሳብ 10 ይ ክፍሊ ዘለዉ ተማሃሮ ኣብ ገገዝኦም ኮይኖም ምምሃር ክቕፅሉ ኢዮም። እዞም ተማሃሮ'ዚኦም ካብ ቤት ትምህርቶም ብርሕቐት እንዳተሓገዙ ክቕፅሉ ኢዮም።<br><br>ኣብ ገገዝኦም ኮይኖም ክመሃሩ ዘይኽእሉ ተማሃሮ ግና ክትትል እንዳተገበረሎም ኣብ ቤት ትምህርቶም እንዳመፁ  ምምሃር ክቕፅኩ ይኽእሉ ኢዮም።.<br><br>**ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ**<br>ኣብ ፈላማይ እዋን ኩሎም ሰራሕተኛታት ናብ ቤት ትምህርቲ ክመፁ ይግባእ።<br><br>በቲ ናይ ቤት ትምህርቲን ፤  መርሃ ግብሪን ደገፍ ሰራሕተኛታት ኣቢሉ ሰራሕተኛታት  ድሕነቶም ንኽሕልዉ እኹል ሓገዝ ክወሃቦም<br><br>**ወለዲ**<br>ወለዲ ብዛዕባ ምብፃሕን ምምላስን ደቆም በቲ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ መምርሒ ብዝግባእ ክኽተሉ ኣለዎም።. | **ኩሎም ተማሃሮ ድሕሪ ክልተ ቕነ ናብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ምምላስ ።**<br>ኣብ ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ብርኪ ዘለዉ ኩሎም ተማሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ክምለሱ ኢዮም።.<br><br>እቲ ዘሎ ናይ ምጉዕዓዝ ቀይዲ እስካዕ ዝለዓል ከም ሓበራዊ ወፍሪ (camps) ፣ ሽርሽር፣ ብሓባር ኣርሒቕካ ናይ ምኻድ ወፍሪ ኣይህሉን።<br><br>ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ርሕቀት ትምህርቲ ምሓብ ጠጠው ከብላ ኢየን።<br><br>**ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ**<br>ኩሎም ሰራሕተኛታት ናብ ቤት ትምህርቲ ክመፁ ኢዮም።<br><br>በቲ ናይ ቤት ትምህርትን ፤  መርሃ ግብሪ ደገፍ ሰራሕተኛታትን ኣቢሉ ሰራሕተኛታት  ድሕነቶም ንኽሕልዉ እኹል ሓገዝ እንዳተዋህቡ ክቕፅሉ ኢዮም።<br><br>**ወለዲ**<br>ወለዲ ብዛዕባ ምብፃሕን ምምላስን ደቆም በቲ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ መምርሒ ብዝግባእ ክኽተሉ ኣለዎም።. | ከም ስፖርት፣ ሓበራዊ ወፍሪ (camps) ፣ ሽርሽር ዝኣመሰሉ ስሩዕ ተግባራት ቤት ትምህርቲ ምስቲ ምልዓል ቀይዲ ጉዕዞ ተሰማሚዖም ክቕፅሉ ኢዮም። |